# ገንዘብን ግብሪን/ቀረጽን

ናይ ባንክ ሕሳብ / ምኽፋል ሕሳብ

ግብሪ / ቀረጽ

ዕዳ

ምምራሕ ናብራ ብውሑድ ገንዘብ

# ናይ ባንክ ሕሳብ / ምኽፉል ሕሳብ

ደሞዝ ዝኽፈልን ናይ ዝተፈላለዩ ሕሳባት ክፍሊት ክገብር ዝደልን: ናይ ባንክ ወይ ናይ ፖስት ሕሳብ ክህልዎ ይግባእ። ንምግዛእ ዝተፈላለዩ ነገራት፡ ናይ ዕዳን ልቓሕን ካርድታት ብብዝሒ ይዝውተሩ።

## ናይ ባንክ ሕሳብ

ነበርቲ ስዊዘርላንድ ዳርጋ ኩሎም ናይ ባንክ ሕሳብ ኣለዎም። ብመሰረት ሕጊ፡ ደሞዝ ሰራሕተኛታት ኣብ ናይ ባንኪ ሕሳቦም ከም ዝኣቱ ምግባር ወይ ምትሕልላፍ ልሙድ'ዩ። ብዙሓት ባንክታትን ናይ ፖስታ ባንክን ንውልቀ ሰባት ናይ ባንክ ሕሳብ ይኸፍታ። መኽፈቲ ናይ ባንክ ሕሳብ ዝበዝሐ ግዜ ብነጻ'ዩ። እንተኾነ ድሕሪ ምኽፋት ዝተፈላለዩ ክፍሊታት ኣለዎ። ግብሪ፡ ክፍሊት ክራይ: ወለድን ንይ ኣገልግሎትን፣ እናተባህለ ዝግበር ክፍሊት ኣለዎ። እዚ ከኣ ካብ ሓደ ባንክ ናብ ካልእ ክፈላለ ስለዝኽእል፡ ኣየናይ ከምዝበልጽ ምውድዳር የድሊ። ናይ ባንክ ሕሳብ ክትከፍቱ ምስ እትደልዩ፡ ወረቐት መንነት፡ ወይ ዝኾነ መንነትኩም ከረጋግጽ ዝኽእል ወረቐት ወይ ከኣ ናይ ወጻእተኛ ፓስፖርት የድልየኩም።

## ናይ ለቓሕ (ክረዲት) ካርድ

ናይ ባንክ ሕሳብ ዘለዎም ሰባት፡ ጥሬ ገንዘብ ንምውጻእ ዝጥቀሙሉ፡ ብሕጊ ቁጽሪ ሕሳብ ይወሃቦም። እዚ ኣብቲ'ቲ ውልቃዊ ወይ ብሕታዊ ናይ ናይ ባንክ ሕሳብ ዘለዎ ጥራይ'ዩ ዝሰርሕ። ባንክታት ወይ ባንክ ቤት ጽሕፈት ፖስታ ሓደ ናይ ዕዳ (ኣቐዲሙ ገንዘብ እተቐምጠሉ) ካርድ ( ንኣብነት ከም ማየስትሮ) ይህቡ። ወነንቲ'ዚ ካርድ'ዚ ካብ ኩለን ማሽናት ባንክ ጥረ ገንዘብ ከውጽኡን ኣብ ምኽፋል ክጥቀሙሉን ይኽእሉ። ብተወሳኺ ኣብ ዝበዝሓ ካልኦት ሃገራት ምስ ዝገሹ ኣብ ምኽፋል ይግልገሉሉ። እንተኾነ ክፍሊት ኣገልግሎት ካብ ባንክ ናብ ባንክ ይፈላለ። ክረዲት ካርድ ካብ ዝተፈላለዩ ባንኪታት ክሕተት ይከኣል። ናይ ምሕደራን ናይ ክራይ ክፍሊት ብዙሕ ፍልልይ ኣለዎ። ስለ ዝኾነ ምንጽጻር ኣገዳሲ'ዩ። ብክረዲት ካርድ ምኽፋል ብተዛማዲ ብዙሕ ዝርጋሐ ዘለዎን ይዝውተርን'ዩ።

## ናይ ቢል / ክፍሊት ወጻኢታት ምኽፋል

ናይ ዝወሃቡ ኣገልግሎታት ክፍሊት፡ ብመልክዕ ቅብሊት ከም ልሙድ ብትፖስታ ይለኣኹ። ነዚኦም ንምኽፋል ሰለስተ ዝተፈላለዩ ኣገባባት ኣለዉ።
ኢ ባንኪን፡- ብኤለክትሮናዊ መርበብ (ኢንተርነት) ዝኽፈል ኮይኑ ዝውቱርን ውሑስን'ዩ።
ኣብ ቤት ጽሕፈት ፖስት፡- ዘይተኸፍለ ቅብሊት ዝሓዙ ሰባት ኣብ ቤት ጽሕፈት ፖስታ ብምኻድ ብጥረ ገንዘብ ይኸፍሉ። ናይ ፖስታ ባንክ ሕሳብ ዘለዎም ከኣ፡ ናይ ባንክ ካርዶም ብምጥቃም ብቐጥታ ካብ ናይ ፖስታ ባንክ ሕሳቦም ክኸፍሉ ይኽእሉ። ናይ ባንክ ዓማዊል ዝኾኑ ሰባት፡ ንዘይተኸፍለ ቅብሊቶም ኣብ'ቲ ባንክ ብምኻድ ክኸፍሉ ይኽእሉ።
ብመገዲ ብፖስታ፡ ናይ ምኽፋል ውዕል ብመልክዕ ደብዳቤ ኣብ'ቲ ኣገልግሎት ዝህበኩም ባንክ ወረቐት ብምልኣኽ ክትግበር ይከኣል። ነዚ ዝምልከት እቲ ባንክ ወይ ቤ ትጽሕፈት ፖስታ መብርሂ ይህብ'ዩ። ኣገባብ ንብተደጋጋሚ ዝግበሩ ክፍሊታት፡- እዚ ብቀጥታ ካብ መለለዪ ሕሳብ ባንክ ስለ ዝውሰድ (Lastschriftverfahren / LSV | Le système de recouvrement direct ) ኣዚዩ ምቹእ ኣገባብ ኣከፋፍላ'ዩ። ነዚ ዝምልከት መብርሂ ኣብ'ቲ መኽፈሊ ቦታ ወይ ባንኪ/ፖስታ ይወሃብ'ዩ።
እቲ ዝኽፈል ዋጋ ኩሉ ግዜ ሓደ ዓይነት ምስ ዝኸውን፡ ንኣብነት ክራይ ገዛ፡ ኣብ ባንኪ ወይ ፖስት ሓደ ንነዊሕ ግዜ ዝጸንሕ ንምኽፋል ዝምልከት ውዕል (Dauerauftrag | Ordre permanent) ክግበር ይከኣል።

ዘይተኸፍለ ቅብሊት ገደብ ዝኽፈለሉ ግዜ ኣዎ። እቲ ክፍሊት ኣብ'ቲ ዝተወሰነሉ ግዜ እንተዘይ ተኸፊሉ ሕጋዊ ሳዕቤን የኸትል። ናይ መፈጸሚ ግዴታ'ውን ኣሎ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/money-and-taxes/accounts--transactions

# ግብሪ / ቀረጽ

ጽዕነት ወይ መጠን ክፍሊት ግብሪ ኣብ እትነብረሉ ከባቢ ይምርኮስ። እተን ቀንዲ ካብ ውልቀ ሰባት ዝሕተታ ክፍሊት ግብሪ፡- ግብሪ ኣታዊታት: ግብሪ እትውንኖ ሃብትን ካብ ነብሲ ወከፍ ሽያጥ ዝኽፈልን'ዮም።

## ስርዓተ ኣከፋፍላ ግብሪ

ኣብ ስዊዝ ግብሪ ንመንግስቲ: ንካንቶን: ንምምሕዳር ከባብን ቤተ-ክርስትያናት ሃገርን ይኽፈል። እቲ ዝኽፈል ግብሪ ቀጥታውን ዘይቀጥታውን ተባሂሉ ኣብ ክልተ ይምቐል። እቲ ቀንዲ ኣገደሲ ቀጥታዊ ግብሪ: ግብሪ ካብ ኣታዊታትን ግብሪ ዝውነን ሃብትን ኮይኑ፣ ብቀጥታ ካብቲ ግብሪ ክኸፍል ዝግብኦ ሰብ ይቑረጽ። ዘይቀጥታዊ ግብሪ ዝበሃል ድማ ካብ ሽያጥ ንብረት፡ ከም ሽያጥ ትምባኾን ነዳድን ዝኣመሰሉ ዝቑረጽ'ዩ። ኣዚ ግብሪ'ዚ ኣብቲ ዝሸየጥ ንብረት ይርከብ። ንኣተሓሕዛ ግብሪ ዝምልከት ኣብ ብርክት ዝበለ ቦታታት፡ ካንቶናትን ምምሕዳር ከተማታትን ብሓላፍነት ስለ ዝሕዝዎ፣ መጠን ዝኽፈል ግብሪ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይፈላለ። መጻምድቲ ወይ ሰብ ሓዳር ግብሪ ብሓባር ይኸፍሉ።

## ምንጪ ግብሪ / ቀረጽ

ሓደስቲ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ዝኾኑ ወጻእተኛታት፡ ግብሪ ብቀጥታ ካብ ደሞዞም: (ግብሪ ኣታዊታት ካብ ምንጪ)፡ (Quellensteuer | Impôt à la source) ተቖሪጹ ይኽፈል። መስርሕ ምምዝጋብ ከኣ ብወሃብ ስራሕ ይፍጸም።
መጠን ዝኽፈል ግብሪ ኣብ መጠን ደሞዝ፡ ኩነታት ስድራቤት( ዘይምርዑዋት ወይ ንጽል፡ ምርዑዋት፡ ዝተፋትሑ/ዝተፈላለዩ) ከምኡ ድማ ብብዝሒ ውላድ ይውሰን። ኣብ ኩነታት ስድራ ለውጢ ምስዝህሉ፡ ብዘይ ውዓል ሕደር ምምሕዳር ክሕበር ይግባእ።
ካብ ክፍሊት "ግብሪ ካብ ምንጪ"፡ ዝተፈላለየ ምንካይ ምኽፉል ግብሪ ክህሉ ይኽእል። ከም ኣብነት፡ ኣብ ግዜ ምድፋእ ዕድሜ ክኸውን ተባሂሉ ዝግበር ውህለላ (3ይ ዓንዲ ሕቆ)፡ ናይ ዕዳ ወለድን ልዑል ወጻኢታት ሕክምናን ክጥቀስ ይከኣል።
ዝኾነ ንብረት ወይ ትካል (ተንቀሳቓስን ቀዋምን) ዘለዎም ሰባት፡ ብንጹር ክሕብሩን/ክእውጁን ግብሪ ዋኒኖም ክኸፍሉን ኣለዎም።
ዓመታዊ ኣታዊታቶም 120,000 ፍራንክን ልዕሊኡን እንተኾይኑ፡ ግብሪ ከም ዝተኸፍሎ ንጹር መብሪሂ ተጌይርሉ፡ ሓደ ስሩዕ ክፍሊት ግብሪ ክህልዎ ኣለዎ።
- ንስዊዛዊ/ት ወረቐት መንነት ወይ መንበሪ ፍቓድ "C" ምስ ዘለዎ/ዋ ዘተመርዓወ/ት፡ ቅጥዒ መረጋገጺ ስሩዕ ክፍሊት ግብሪ (ordentliche Besteuerung | fiscalité ordinaire) ክ/ትመልእ ይግባእ።

ካንቶናዊ ምሕደራ ክፍሊት ግብሪ (Kantonale Steuerverwaltung | Intendance des impôts cantonale) ንክፍሊት "ግብሪ ካብ ምንጪ" ዝምልከት ሓብሬታ ይህብ።

## ስሩዕ ወይ ልሙድ ግብሪ

ስዊዛዊ ወረቐት መንነት ወይ መንበሪ ፍቓድ "C" ዘለዎም ሰባት: ብስሩዕ ንልሙድ ግብሪ (ordentliche Besteuerung | Fiscalité ordinaire) ክኸፍሉ ይግባእ። ግብሪ ካብ ደሞዞም ብቀጥታ ስለ ዘይቑረጽ፣ ቅጥዒ መግለጺ ክፍሊት ግብሪ (Steuererklärung | Déclaration d'impôts) መሊኦም፡ ብመሰረት ኣታዊታቶም ዝተወሰነሎም ግብሪ ብቕብሊት ይኸፍሉ። ኣመላልኣ ቅጥዒ መግለጺ ክፍሊት ግብሪ: ንስዊዛዊያን'ውን ከይተረፈ: ዝተሓላለኸን ብቀሊል ዘይርዳእን'ዩ። ስለዚ ነዚ ቅጥዒ ንመጀመርታ ግዜኹም ክትመልእዎ እንከሎኹም፡ ተሞክሮ ዘለዎም ሰባት ንኽተሓጋገዙኹም ተወከስዎም። ኣብ ምኽፋል ግብሪ፡ ዝርዝር ሓበሬታ ኣታዊታቶምን ንብረቶምን ብግቡእ ዘይሃቡን ዘደናገሩን ኣብ ቅድሚ ሕጊ ተሓተቲ ይኾኑ። ቅጥዒ መኽፈሊ ግብሪ ኣብ ኤለክትሮናዊ መርበብ ሓብሬታ (Internet) እውን ክምላእ ይኽእል'ዩ። ንምኽፋል ግብሪ ዝምልከት ሓፈሻዊ ሓብሬታ ምስ ዝድለ ምምሕዳር ከባቢ ኣብ ቀዳማይ ቦታ ይስራዕ። ንምኽፋል ስሩዕ ግብሪ ዝምልከት ሓበሬታ ክህብ ሓላፍነት ዘለዎ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከተማ ወይ ከባቢ'ዩ ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/money-and-taxes/taxes

# ዕዳ

ዘይተኽፍለ ቅብሊት ኣብ ግዜኡ ዘይምኽፋል ሳዕቤን ኣለዎ። ፋይናንሳዊ ሽግር ወይ ሕጽረት ገንዘብ ምስ ዘጋጥም፣ ኣብ ማእከላት ንዕዳ ዝምልከት ኣብያተ ምኽሪ ብምኻድ ምውካስ ይከኣል።

## መዘኻኸሪን ግዴታዊ ኣፈጻጽማን (መጠንቀቕታን)

ክፍሊት ኣብ እዋኑ ምስ ዘይክፈል: ቀዳማይን ካልኣይን መዘኻኸሪ (Mahnung | Rappel) ይወሃብ። እዚ ምስ ዘይክበር፡ እቶም ኣኽፈልቲ ናብ መዝገብ ዕዳ (Betreibung | Poursuite) ከም ዕዳ ክልእክዎ ይኽእሉ። ኣብ ከም'ዚ ኩነት: ሰብ መዚ ቤት ጽሕፈት ምቁጽጻር ዕዳ (Betreibungsamt | Offfice des poursuites) ንኽትከፍል ዘገድድ ወረቐት ይሰዱ። ከም ሳዕቤኑ ከኣ፡ እቲ ዝኽፈል ናይ ኣገልግሎት ክፍሊት ይውሰኾ። እቲ ዝሰዓበ መስርሕ ዘይሕጋዊ'ዩ ዝብሉ ሰብ ጉዳይ፡ ጥርዓን ወይ ቅሬታኦም (Rechtsvorschlag | Opposition) ኣብ ዝምልከቶም ሰብ መዚ ምቁጽጻር ዕዳ ከቅርቡ ይኽእሉ። መጠንቀቕታ: ዕዳ ምስ ዘይክፈል ኣብ ምትሓዝ ደሞዝን ኣብ ንብረት ምህጋርን ከምርሕ ይኽእል። ብተወሳኺ ኣብ መዝገብ ዕዳ ሰፈሩ (ዋላውን ኣብ መጨረሽታ እቲ ዕዳ እተተኽፍለ)፣ ምድላይ ስራሕን ገዛ ክራይን ዓቢ ዕንቅፋት ይኸውን።

## ዕዳ

ፋይናንሳዊ ጸገም ወይ ዕዳ ዘለዎም ሰባት: ንኣማኽርቲ ትካላት ኩነታት ዕዳ(Schuldenberatungsstelle | conseil en matière de dettes) ክውከሱ ይኽእሉ። ንኹሉ ሰብ'ዩ ኣገልግሎት ዝህብ። ክኢላታት ናይ'ቲ ዓውዲ ምስ በዓል ጉዳይ ብምኧን፡ ነቲ ኩነታት ርእዮም መፍትሒ የናድዩሉ። ካሪታስ ካንቶን በርን ንነበርቲ'ዚ ካንቶን ዝኸውን ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ከፈቱ (Berner Schuldenberatung | Centre social protestant / CSP) ብነጻ ኣገልግሎት ይህብ። እቲ ትካል ብተወሳኺ ብቴሌፎንን ኤለክትሮናዊ መርበብን (ኢንተርነት) ብነጻ ኣገልግሎት ምኽሪ ይህብ። ኣገዳሲ ኮይኑ ምስ ዝርከብ ከኣ ናብ ካልእ ቤት ጽሕፈት ይመሓላለፍ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/money-and-taxes/debt

# ምምራሕ ናብራ ብውሑድ ገንዘብ

ናብራ ስዊዝ ብተዛማዲ ክቡር'ዩ። ስለ ዝኾነ ካልኦት ዝተጠቐሙሉ ንብረት ምግዛእ ተመራጺ ይኸውን። ሕጽረት ገንዘብ ዘለዎም ሰባት፡ ካብ ፍሉያት ዱኳናት፡ ንብረት ብሕሱር ክገዝኡ ይኽእሉ።

## ሓራጅ / ዘገልገለ / ሓዲሽ ዘይኮነ ንብረት

ኣብ ስዊዝ ብዙሓት መኽዘናት መሸጣ ሓራጅ (Brockenhäuser | Brocantes) ኣለዉ። ካብኣቶም ብሕሱር ዋጋ ንብረት ምግዛእ ይከኣል። ኣብ ገለ ፍሉያት ቦታታት'ውን ውልቀ ሰባት፡ ንብረት ሓራጅ ንመሸጣ የቕርቡ። ንኣብነት፦ ዕዳጋታት ሓራጅ: ምልውዋጥ ክዳውንቲ: ምልውዋጥ ንብረት መንሸራተቲ በረድ፡ ወዘተ። ብተወሳኺ መሳኹቲ ኤልክትሮኒካዊ መርበባት ሓብሬታ (ኢንተርነት)፡ ንምሻጥን ምግዛእን ንብረት ሓራጅ ኣዝዮም ዝውቱራት'ዮም።

## ስፖርት / ባህሊ / ስልጠና(ትምህርቲ)

ካርድ ኩልቹር ሌጊ (Kulturlegi | CarteCulture) : ብውሑድ ገንዘብ: ኣብ ንጥፈታት ስፖርትን ባህልን ንምውሳእን ዕድላት ስልጠና(ትምህርቲ) ንምርካብን የገልግል። እዚ ካርድ'ዚ ንካሪታስ ሓቲትካ ክርከብ ይከኣል። ካሪታስ ብዛዕባ'ዚ ሓብሬታ ይህብን መን እዚ ካርድ ይግብኦ የረጋግጽን።

## ድኳን ካሪታስ

ውሑድ ገንዘብ ዘለዎም ሰባት ንመዓልታዊ ህይወቶም ዘድልዮም ኣስቤዛን ሃለኽቲ ኣቑሑን፡ ካብ ድኳን ካሪታስ (Caritas Markt | Epicerie Caritas)፡ ብሕሱር ዋጋ ክገዝኡ ይኽእሉ። እንተኾነ ብካሪታስ ዝወሃብ ሓደ ፍሉይ ካርድ የድሊ። ቤት ጽሕፈት ካሪታስ ብዛዕባ'ዚ ካርድ ይሕብርን መን እዚ ካርድ ክወሃብ ከምዝግብኦ የረጋግጽን። ድኳናት ካሪታስ ኣብ ካንቶን በርን ኣብ ከተማታት በርን፡ ቢልን ቱንን ይርከብ።

## ንዓኻ/ንዓኺ ዝተዳለወ ንእሽቶይ መኣዲ

ማሕበር "ንዓኻ/ኺ ዝተዳለወ ንእሽቶይ መኣዲ" ነቶም ውሑድ ገንዘብ ዘለዎም፡ ብነጻ መግቢ ይቕርብ። ብሕታውን ህዝባውን ማእከላት ምኽሪ፡ ካርድ ናይ'ዚ ማሕበር ክዕድላ ይኽእላ። በዚ ካርድ'ዚ ሓደ ግዜ ወይ ንፈለማ እዋን ኣብ ድኳናት ካሪታስ (Caritas Markt | Epicerie Caritas) ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ። ድሕሪኡ ካርድ ድኳናት ካሪታስ ንኽወሃበኩም ተመልከቱ።

## ደገፍ መንግስቲ

ንናብርኦም ውሑድ ገንዘብ ዘለዎም ሰባት: ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት: ደገፍ መንግስቲ ይግበረሎም'ዩ። ነዚ ሓገዝ ዝምልከት ንኣብነት: ምሕሳር ክፍሊት መሰረታዊ መድሕን ጥዕና : ደገፍ ክፍሊት ማህደረ ትምህርቲ ሞያዊ ትምህርቲ ወይ ስልጠና ክኸውን ይኽእል። ኣብ ገለ ኩነታት ከኣ ካብ ማሕበራዊ ድሕነት ወይ ካብ ደገፍ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ገንዘባዊ ደገፍ ይግበር።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/money-and-taxes/living-with-little-money